# ናይ ሓበሬታ መጽሓፍ ንተማሃሮ ትግርኛ- እንግሊዝ

ዕለት መስከረም / september 2024

Nassau College
De schakel tot succes!



www.nassaucollege.nl

Dr Nassau College
De schakel tot succes!

## ትሕዝቶ


*1.* *መሰጋገሪ ናብ ዓወት! / Link to success!* 4

2. *መወከሲ ሓበሬታታት / Contact Information* 5

3. ጉጅለ / Team 5

4. *ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን / School holidays* 5

5. ጸብጻብ / *Report cards* 6

*6.* ምርሒት / *Student support* 6

7. ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን / ICT 7

*8.* ክፍላተ-ትምህርቲ / *Lessons* 8

*9.* ሰሌዳ-ግዜ / *Timetable* 8

*10.* *ሕማም / In case of illness* 8

11. ደንጉኻ ምምጻእ / *Being late for school* 9

12. ካብ ክፍሊ ምስጓግ / *Being sent out of class at school* 9

*13.* ፍቓድ ብኩራት ምሕታት / *Special leave request* 9

*14.* ግዴታ ትምህርቲ / *Obligatory education* 10

*15 .* ዕረፍቲ / *Break time* 10

*16.* *መዓልታዊ ናብ ቤት-ትምህርቲ እትማልኦም ነገራት / What to bring to school every day* 11

*17.* ሕጋጋት ቤት-ትምህርቲ / *School rules* 11

18. ወርቃዊ ሕጊ / *The Golden Rule* 12

## *1. መሰጋገሪ ናብ ዓወት! / Link to success!*

ናብ ኣህጉራዊ መሰጋገሪ ክፍሊ (ኢ.ኤስ.ካ ISK) ናይ ዶር. ናሳው ኮሌጅ (እንደገና) እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም። ጉጅለ ኢ.ኤስ.ካ፣ ናይ ቋንቋ ኔዘርላንድ ብቕዓትኩም ንኸተመሓይሹን፣ ምሳና ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ግዜ ንኸትሕልፉን ምእምቲ ንኽሕግዘኩም ድሉው ኣሎ። ኣብዛ ንእሽቶይ መጽሓፍ ድማ ብዛዕባ ኣካይዳ ጉዳያት ኣብ ኢ.ኤስ.ካ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም። ስለዚ ጽቡቕ ገይርኩም ኣንብብዎ። እዛ ንእሽቶይ መጽሓፍ ተማሃሮ ኣብ መርበብ-ሓበሬታና https://www.dr.nassaucollege.nl/isk/home ክትረኽብዋ እውን ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ኢ.ኤስ.ካ መሃርን ደስ ዝብልን ግዜ ንኸትሕልፉ ድማ ንምነየልኩም!

ጉጅለ ኢ.ኤስ.ካ

ብዛዕባ ኢ.ኤስ.ካ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፣ ውጥን ቤት-ትምህርትና፣ ከምኡ እውን መምርሒ ቤት-ትምህርትና ኣብ መርበብ-ሓበሬታና https://www.dr.nassaucollege.nl/isk/home ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

*Welcome (back) to the international classes (ISK) of the Dr. Nassau College. The ISK team will help you to improve your Dutch and make sure you have a good time with us.*
*This booklet contains information about the ISK. Please read it carefully.*
*This booklet is also available at our website* https://www.dr.nassaucollege.nl/isk/home

*We wish you a great learning experience and a good time at the ISK!*

*Team ISK*

*More information on the ISK, our school plan and our school guide are available on our website* https://www.dr.nassaucollege.nl/isk/home

## 2. መወከሲ ሓበሬታታት / *Contact Information*

ኢ.ኤስ.ካ መዓልታዊ ካብ ሰዓት 08፡00 ክሳብ ሰዓት 17፡00 ክፉት እዩ።

*The ISK is open daily from 8:00 a.m. to 5:00 p.m.*

| | |
|---|---|
| ኣድራሻ፡ | Merwedestraat 16 |
| | 9406 RM Assen |
| ተሌፎን፡ | (0592) 333 176 |
| ኢ-መይል፡ | isk-assen@dr.nassaucollege.nl |
| መርበብ-ሓበሬታ፡ | https://www.dr.nassaucollege.nl/isk/home |

ጨናፍር፡

Industrieweg 14-16
9403 AA Assen

Rodeweg 23
9404 RM Assen

## 3. ጉጅለ / Team

| | | |
|---|---|---|
| ዳይረክተር | ወይዘሮ ዝቪርስ [K. Zwiers] | zwk@dr.nassaucollege.nl |
| መራሕቲ ጉጅለ | ወይዘሮ ናይላንድ [G. Nijland] | nyg@dr.nassaucollege.nl |
| | ወይዘሮ ሃርትሆልት [S. Hartholt] | htt@dr.nassaucollege.nl |
| | ወይዘሮ ቫን ዳይክ [M. van Dijk] | dijm@dr.nassaucollege.nl |
| ኣመሓዳሪት ቤት-ጽሕፈት | ወይዘሮ ፓርዳይስ [K. Pardijs] | pdk@dr.nassaucollege.nl |
| ኣወሃሃዲት ደገፍ | ወይዘሮ ካውት [S. Kuijt] | kub@dr.nassaucollege.nl |
| ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ | ወይዘሮ ግሮትሃውስ [W. Groothuis] | gwj@dr.nassaucollege.nl |
| መሓበሪ ክፍሊ Merwedestraat | ወይዘሮ ኣል ሳራጅ [M. Al Saraj] | asm@dr.nassaucollege.nl |
| መሓበሪ ክፍሊ Industrieweg | ወይዘሮ ትሮሺና [V. Troschina] | tva@dr.nassaucollege.nl |
| ICT | ኣቶ ደ ዮንግ [B. de Jong] | jbr@dr.nassaucollege.nl |

## 4. ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን / *School holidays*

ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ተዘርዚሩ ኣሎ።

*School Holidays and days off are listed on the school's website.*

## 5. ጸብጻብ / *Report cards*

ኣብ መወዳእታ ናይ ነፍስወከፍ እዋን ጸብጻብ ክትቕበል ኢኻ። ንነፍስወከፍ ዓውደ-ትምህርቲ ዝምልከት ነጥብን፣ ከምኡ እውን ናይ ተወፋይነትካ፣ ርድኢትካን ኣፈጻጽማኻ ገምጋምን ክትቕበል ኢኻ። ብተወሳኺ እቲ ጸብጻብ፣ ኣብ ስራሕካ ናይ ዘለካ ኣረኣእያን ጠባይካን ገምጋም፣ ከምኡ እውን ውጽኢት ናይ ግስጋሰ ፈተናታትን ዘጠቓልል እዩ።

*At the end of each term, you will receive a report. For each subject, you will receive a grade and an assessment of your effort, understanding and performance. Additionally, the report will include an evaluation of your work attitude and behavior, as well as the results of the progress tests.*

## 6. ምርሒት / *Student support*

ሕቶ ወይ ጸገም ምስ ዝህልወካ መጀመርታ ናብ ሜንቶርካ ትኸይድ።
ተወሳኺ ውልቃዊ ደገፍ እንተድኣ ትደልይ ኮይካ እውን፣ ንሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ሰባት ክትውከስ ትኽእል ኢኻ፡

- ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ ወይዘሮ ግሮት ሃውስ [W. Groothuis] kub@dr.nassaucollege.nl
- ዳይረክተር ወይዘሮ ዝቪርስ [K. Zwiers] zwk@dr.nassaucollege.nl
- ምስጢራዊ ኣማኻሪ Hét Vertrouwensbureau፣ ኣቶ ቪበንስ [J. Wibbens]
  ኢ-መይል፡ jan@hetvtb.nl of algemeen@hetvtb.nl ተሌፎን፡ 085-1055055 ወይ 06-53697150
- ሓኪም ቆልዑት ወይዘሮ ማየር [I. Meijer]
- ማሕበራዊ ሰራሕተኛ www.vaartwelzijn.nl

*Your first contact point at school is your mentor. You can always go to your mentor with your questions or problems. In case you need more personal support, you can contact one of the following persons:*

- counselor Mevr. W. Groothuis kub@dr.nassaucollege.nl
- principal Mevr. K. Zwiers zwk@dr.nassaucollege.nl
- confidential supporters Hét Vertrouwensbureau, dhr. J. Wibbens
  e-mail: jan@hetvtb.nl of algemeen@hetvtb.nl telefoon: 085-1055055 of 06-53697150
- School medical officer Mevr. I. Meijer
- Social worker www.vaartwelzijn.nl

# 7. ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን / ICT

ናይ ገዛእ-ርእስኻ ቁጽሪ ተማሃራይን፣ ባዕልኻ ዝመረጽካዮ ፓስዎርድን ተጠቀምካ ናብ ናይ ቤት-ትምህርቲ ስርዓት ክትኣቱው ትኽእል ኢኻ።

*Every student has his or her own student number and may choose a personal password that grants access to the following systems.*

## 7.1 Somtoday

ሰሌዳ-ግዜን ካልእ ሓበሬታን ብመንገዲ Somtoday http://nassau.somtoday.nl ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ "Somtoday Mobiel" ኣፕ ክትጥቀም እውን ትኽእል ኢኻ።

*Somtoday http://nassau.somtoday.nl shows your personal data in our school system. You can also use the app "Somtoday Mobiel".*

## 7.2 መርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት / Wifi

ኣብ ኢ.ኤስ.ካ ንተማሃሮ ዝኸውን ነጻ መርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት [Wifi] ኣሎ። ናይ "DNC" መርበብ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ብምቕጻል ናትካ ቁጽሪ ተማሃራይን ፓስዎርድኻን ተጠቂምካ ክትኣቱው ትኽእል ኢኻ። ንመርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት [Wifi] ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻ፣ ንሰራሕተኛ ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን [ICT] ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

*We have free Wifi for students at our school . You can use the DNC network. You can log in using your student number and personal password. If you have any questions about the Wifi, you can contact the ICT staff member.*

## 8. ክፍላተ-ትምህርቲ / *Lessons*

**ሰዓታት ትምህርቲ / *lesson times***

| | |
|---|---|
| 1ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 08:30 - 09:15 |
| 2ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 09:15 - 10:00 |
| 3ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 10:00 - 10:45 |
| **ዕረፍቲ** | **ሰዓት 10:45 - 11:05** |
| 4ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 11:05 - 11:50 |
| 5ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 11:50 - 12:35 |
| **ዕረፍቲ** | **ሰዓት 12:35 - 13:00** |
| 6ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 13:00 - 13:45 |
| 7ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 13:45 - 14:30 |
| 8ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 14:30 - 15:15 |
| 9ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 15:15 - 16:00 |

## 9. ሰሌዳ-ግዜ / *Timetable*

ነፍስወከፍ ክፍሊ ናይ ገዛእ-ርእሱ ሰሌዳ-ግዜ ኣለዎ።
ሓደ መምህር እንተድኣ ዘይሃልዩ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ብኻልእ መምህር ወይ ብሓጋዚ መምህር ክትምሃር ኢኻ።
**ብግቡእ ኣስተውዕል፡** ሓደ ሓደ ግዜ ግን እቲ ክፍለ-ግዜ ይስረዝ እዩ፣ ወይ እቲ ሰዓት ናብ ካልእ ግዜ ይመሓላለፍ።
**ዝኾነ ናይ ሰሌዳ-ግዜ ለውጢታት ዘለካ ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምርኣይ ነቲ ሰሌዳ-ግዜ መዓልታዊ ረኣዮ!**

*Every class has their own schedule.*
*When a teacher is absent, we try to arrange for a replacement. Sometimes, however, a lesson may be canceled or rescheduled.*
***Please be aware of any changes so check your timetable in SOM every day!***

## 10. ሕማም / *In case of illness*

እንተድኣ ሓሚምካ፣ ወለድኻ/ኣለይትኻ ናብ ቤት-ትምህርቲ ደዊሎም ብዛዕብኡ ክሕብሩ ኣለዎም። እዚ ናብ መሓበሪ ክፍሊ ናብ ቁጽሪ ተሌፎንና 06-182 91 774 (Merwedestraat & Rodeweg)፣ ከምኡ እውን 06-156 10 928 (Industrieweg) ብምድዋል ክግበር ይከኣል።

ወለድኻ/ኣለይትኻ ናይ ዋትስኣፕ [WhatsApp] መልእኽቲ እውን ክሰዱ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እዋን ትምህርቲ እንተድኣ ሓሚምካ እውን ምሕማምካ ናብ መሐበሪ ክፍሊ ትሕብር። እዚ ድማ ከም ዝወስዱኻ ንኽገብሩ ወይ ድማ ኣቐዲምካ ናብ ገዛኻ ከም እትምለስ ንምሕባር ምስ ወለድኻ/ኣለይትኻ ርክብ ክገብር እዩ። እንደገና ምስ ሓሽካ እውን፣ ከም ዝሓሸካ ንምሕባር ናብ መሐበሪ ክፍሊ ትሕብር።

*When you are ill, your parent/guardian has to call the school on 06-182 91 774 (Merwedestraat and Rodeweg) or* 06-156 10 928 (Industrieweg) *before your first lesson of the day. You may also use WhatsApp to contact the school.*
*In case you get ill during the day, you report this to the teachers' assistants. They will call your parents/guardians to have them pick you up or tell them that you will leave for home. As soon as you return to school, you have to report this to the teachers' assistants.*

## 11. *ደንጉኻ ምምጻእ / Being late for school*

ነፍስወከፍ መዓልቲ ኣብ ሰዓትካ ኣብ ክፍሊ ክትርከብ ኣለካ።
ከምዚ ኮይኑ እናሃለወ ደንጉኻ እንተድኣ መጺእካ፣ መምህር ነዚ ኣብ Somtoday ክምዝግቦ እዩ። ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ግዜ መጠንቀቕታ ክትቕበል ኢኻ። እንተድኣ ብብዝሒ ደንጉኻ መጺእካ ድማ ናይ መቕጻዕቲ ስጉምቲ ክስዕብ እዩ። ስለዚ ድማ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካብ ንቡር ንላዕሊ ግዜ ክትጸንሕ ወይ ንብርክት ዝበሉ መዓልታት ዝያዳ ኣቐዲምካ ብምምጻእ ክትርከብ ኣለካ።

*We expect our students to be on time.*
*Should you be late for a lesson, you report this to the 'meldkamer'. The first two times you come off with a warning. If you come in late more often, you will be given a red card and receive a detention.*

## 12. *ካብ ክፍሊ ምስጓግ / Being sent out of class at school*

እንተድኣ መምህር ካብ ክፍሊ ሰጊጉካ፣ ናብ መሐበሪ ክፍሊ ክትሕብር ኣለካ። ኣብኡ ሰብ ምስ ዘይጸንሓካ ድማ ናብ ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ ወይ መራሒት ጉጅለ ትሕብር። ንዝተረፈ ናይቲ ትምህርቲ ክፍለ-ግዜ ብዝምልከት ዕማም ክወሃበካ እዩ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ትምህርቲ ብዛዕባ እቲ ምስጓግ ብዝምልከት ምስ መምህር ክትዘራረብ ኢኻ፣ ከምኡ እውን እንታይ ስጉምቲ ከም ዝውሰድ ክትሰምዕ ኢኻ።

*When a teacher sends you out of class, you will have to report to the 'meldkamer'. If no one is there, report to the student affairs coordinator or the team leader. You will be given a task for the remainder of the lesson. At the end of the lesson you will discuss the removal and what happened with the teacher and hear what disciplinary action will be taken.*

## *13. ፍቓድ ብኩራት ምሕታት / Special leave request*

ንፍሉይ ኣጋጣሚ ንኽትቦኩር ንኽፍቀደልካ ክትሓትት እንተድኣ ደሊኻ፣ ምስ ኣወሃሃዲት ደገፍ ወይዘሮ ካውት [Kuijt] ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፥ kub@dr.nassaucollege.nl።

*You can contact the counselor if you need a leave of absence for a special occasion mrs. Kuijt kub@dr.nassaucollege.nl*

## 14. ግዴታ ትምህርቲ / Obligatory education

ኣብ ኔዘርላንድ ካብ 5 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑት ናይ ትምህርትን ብቐዓትን ጠለብ ከማልኡ ብሕጊ ግዴታ ኣለዎም።
ሓደ ተማሃራይ ብዘይ ፍቓድ እንተድኣ ቦኺሩ፣ ሜንቶር ወይ ኣወሃሃዲት ነቲ ተማሃራይ ምስ በዓል-መዚ ግዴታ ትምህርቲ ዝርርብ ንኽገብር ተመሓላልፎ።
ሓደ ተማሃራይ ኣብ ሰለስተ ተኸታተልቲ መዓልታት ወይ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ ሳምንታት ንልዕሊ 16 ሰዓታት ትምህርቲ ብዘይ ፍቓድ እንተድኣ ቦኺሩ፣ እቲ በዓል-መዚ ግዴታ ትምህርቲ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል እዩ።

*Obligatory education in the Netherlands applies to children from 5 to 18 years of age.*
*If a student has been absent from class without authorization, the mentor or coordinator will refer the student for an appointment with the school attendance officer. If a student has been absent for three consecutive days or for more than 16 lessons in a period of four consecutive weeks, the school attendance officer may impose certain measures to enforce attendance.*

## 15. ዕረፍቲ / Break time

ኣብ እዋን ዕረፍቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ክትህሉው ኣለካ። ብሓባር ብምኟን ድማ ንቀጽሪ ቤት-ትምህርትን ቤት-ትምህርትን ብጽሬት ንሕዞም። ጎሓፍ ኩሉ ግዜ ኣብ ናይ ጎሓፍ ገንኢ ክትድርብዮ ኣለካ።

*You are supposed to remain on school grounds during break time.*
*We all have a responsibility to keep the school grounds clean. Please throw your rubbish in the designated rubbish bins.*

## 16. መዓልታዊ ናብ ቤት-ትምህርቲ እትማልኦም ነገራት / What to bring to school every day

መዓልታዊ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ሒዝካ ናብ ቤት-ትምህርቲ ምጻእ፡

*Please bring the following items with you each day:*

- ናይ ብርዒታት ቦርሳ
- ብርዒ (ሰማያዊ ወይ ጸሊም ቀለም)
- እርሳስ
- መደምሰስ
- መጽረቢ እርሳስ
- መጕሊሒ ብርዒ (ሃይላይተር)
- መስመር
- ስሉስ ኩርናዕ መስመር ጂኦሜትሪ
- ተሰኳዒ መስምዒ-ድምጺ ወይ ሄድፎን
- ናይ ጂም ትምህርቲ ምስ ዝህልወካ፡ ናይ ጂም ክዳውንትን ናይ ስፖርት ጫማን
- መግብን ዝስተይን

## 17. ሕጋጋት ቤት-ትምህርቲ / School rules

- ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርሳኻን ናይ ትምህርቲ ናውትኻን ጥራይ ኢኻ ናብ መምሃሪ ክፍሊ ትወስድ። ሞባይል ቴሌፎናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ኣብ 'ናይ ቴሌፎን ሆቴል' ተቐምጠን።
- ምብላዕን ምስታይን ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርትን ኣብ ማእከላይ ኣደራሽን ጥራይ እዩ ዝፍቀድ። ጎሓፍ ፈላሊኻ ኣብ ናይ ጎሓፍ ገንኢ ትድርብዮ።
- ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቺፕስ፣ ዕምባባ ማለት ፖፕኮርን፣ ዘርኢ ሱፍ ወይ ካልእ መግቢታት ጠዓሞት ምብላዕ ኣይፍቀድን እዩ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ይኹን ኣብቲ ቀጽሪ ጸዓት ዝህብ መስተ ማለት ኢነርጂ-ድሪንክ ምስታይ እውን ኣይፍቀድን እዩ።
- ኢ.ኤስ.ካ ካብ ምትካኽ ሽጋራ ነጻ እዩ። ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ቤት-ትምህርቲን ኣብ ከባቢኡን ኣይፍቀድን እዩ።
- ረብሻ ዘይብሉ ትምህርቲ ንክወሃብ ምእንቲ ክኽእል፣ ኣብ እዋን ትምህርቲ ኣብ ኣዳራሽን መተሓላለፊ ኮሪደራትን ጸጥታ ክህሉው ኣለዎ።

- *You may only bring your bag and school supplies to class. You can leave your mobile phone in the 'telephone hotel' at the beginning of every lesson. Food and drinks are only allowed in the central hall and school grounds. Please throw rubbins in the bins!*
- *It is not allowed to eat crisps, popcorn, sunflower seeds or other savoury snacks in the school. Energy drinks are not allowed to be consumed at school or on the playground*
- *The school building is smoke free area. Smoking is forbidden in or around the school.*
- *During lessons we ask you to be quiet in the main hall and hallways to make sure teachers are able to teach without interruption*

## 18. *ወርቃዊ ሕጊ / The Golden Rule*

**ንኻልኦት ሰባት ልክዕ ብኸምቲ ንዓኻ ክግበረልካ እትደልዮ ኣተሓሕዛ ሓዞም።**

***Treat others as you would like to be treated.***